ንናይ ኮሮና-ቪሩስ ምርመራ-ምግባር



ሓሚምካዶ ኣሎኻ?

ናይ ኮሮና-ቪሩስ ምልክት-ሕማም ዘሎካ ሰብ፥ ምርመራ ንምግባር ኣብ www.1177.se/sormland ክተመልክት ትኽእል ኢኻ። እቲ ምርመራ ውጽኢት ንኺህልዎ ግን፥ ን2 መዓልቲ ምልክት-ሕማም ኪህልወካ የድሊ። ምርመራ ምግባር ብነጻ'ዩ።

ምልክታት-ሕማም ኮሮና-ቪሩስ ከምዞም ዚስዕቡ እዮም፡-

- ምስዓል
- ረስኒ
- ናይ ምትንፋስ ሽግር
- ዓፈፍ-ምባል
- መዕበስቲ-ኣፍንጫ
- ሕማም-ጎሮሮ
- ቃንዛ-ርእሲ
- ከምልሰካ- ምድላይ
- ስምዒት ናይ ምሽታት ወይ ናይ ጣዕሚ ምጥፋእ፡ ልሙዳት ነገራት'ዮም
- ኣካላትካ ቅርጥምጥም ምባል
- ንገለ ሰባት ቃንዛ-ኽብዲን ተቕማጥን ይገብረሎም'ዩ
- ገለ ሰባት ቆርበቶም ሹፍ ይብሎም - እቲ ሹፍታታት ነንበይኑ ዓይነት ኪኸውን ይኽእል'ዩ
- ንብዙሓት ሰባት ብርቱዕ ስምዒት ናይ ድኻም ይገብረሎም

ሓሚምካ ዝነብረካ ሕጂ ግን ዝሓወኻ ዲኻ?

ሓሚምካ ዝነበርካ፡ ኮሮና-ቪሩስ ሒዙካ ከም ዝነበረ ንኽትፈልጥ፡ ምርመራ ክትገብር ትኽእል ኢኻ።

እቲ ምርመራ እንተ ቐልጠፈ 3 ሰሙናት ብድሕሪ ምሕዋይካ ኪግበር ኣሎዎ።

ምርመራ ንምግባር ኣብ www.1177.se ቆጸራ ክትገብር ትኽእልኢኻ።

ናይ ምርመራ ክፍሊት 200 ክሮኖር'ዩ።

ብዚያዳ ኣብ www.1177.se/sormland ኣቲኻ ኣንብብ

1177 VÅRDGUIDEN | Region Sörmland